# ህዝብን መንግስትን ኣብ ክልተ ጫፋት - ክተፋነኑ

ነጸረ ተ/መድህን - ለንደን - 03-12-2007

ኣሕ፣ ካበይ ዝመጸ ኣሕ? ተፈታዊት ኮይና ኩሉ ግዜ እትደጋገም ናይ ደስታ መግለጺ ትሕዝቶ ዘለዋ፡ ካብ መዝገበ ቃላት ልዕሊ ኩሉ እትምረጽ ተበሃጊት ቃል መዓስ ኮይና። የግዳ ኸኣ ናይ ሕሉፍ ተመክሮታት ዉህሉል ተግባራዊ ኣሉታዊ ዉጽኢታት መግለጺ ቃል ስለ ዝኾነት፡ ሚዛናዊ ናይ ታሪኽ ጸብጻብ ንምርካብ ንፍቶ ንጽላእ ነዛ ቃል እዚኣ እዉን እንተ ኾነ ብኣገባብን ብስለትን ፈቲግካ ምጽንዓ ተደላዩት ጉዳይ ከም ዝኾነት፡ ንማንም ስዉር ኣይኮነን። ኣሕ እትብል ቃል ኣቐዲምካ ኣብ እዋኑ ንዘይተግበርካዮም ጉዳያት ዉድቀት ከምጽኡልካ እንከለዉ እተድምጻ ናይ ጣዕሳ ትምህርቲ፡ ነቐፌታዊ ዕግበት’ያ።

እቲ ሓደጋ፡ ወዮ ናይ ሓደ ዉልቀ-ሰብ ናይ ቃልሲ ትሕዝቶ መግለጺ (መምዘኒ) ክሳብ ክንዲ ’የናይ ንመንግስቲ ኤርትራ ትጸርፍን ነዲርካ ጽልእታትካ ትገልጽን እንካብ ኮነ፣ ተራ “ተቓወምቲ” ካብ ኣገባብ ብረታዊ ቃልሲ ኣሰራርሓ ዘይወጸ ናይ ለዉጢ ራእይ ዝሐረሞ፡ መድረኽ ብብቕዓት ዘይገጥም፡ ካብ ደረቕ ኒሕ ምትእኽኻብ ሓሊፉ፡ ብጽንዓት ሃገራዊ ጠለባት ዘየሳሲ ናይ ቀቢላን ሃይማኖትን ምጉጅጃላት ዘብኩዕ መስፍናዊ ምትእስሳራት እዩ። ካብ ኣብ ናይ ሕሉፍ ተመክሮኣዊ ሕልምታት ድቃስ ተበራቢርና ኣብዚ ሓቃዉን ህያዉን ናይ ግጥምያ መድረኽ ግዴና ከነነጽር ግድነታዊ ናይ ስራሕ ጠለብን ዜጋዊ ሓላፍነትን እዩ።

ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ መስርሕ ብረታዊ ቃልሲ ዝነበራ ናይ ነጻነት ራእይ ምስ ኣረጋገጸት፣ ስዒባ’ዉን ኣብ ናይ ስልጣን ኮረሻ ምስ ተወጠሔት ንሃገር ብዓይኒ ጸቢብ ዉድባዊ መነጽር ኣብ ምንባብ ተኸሊላ፤ ናበየናይ ኣቕጣጫ ተምርሕ ዘይትፈልጥ - ዝሮሙሮ - ከምዚ እንርእዮ ዘሎና ዉድቀት፣ ኣብ ቁልቁለት ናህሪ ተሸሚማ፡ መዋጽኦ ዘይብሉ ደልሃመታዊ መዓርፎ፡ ብጻዕረሞታዊ ፍርሂ ትሰሓግ ኣላ። እንተ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ’ሞ፡ ብዙሕ ዘጣይቕ ናይ ኣሰራርሓ ስልትን ሕቡኣት ኣጀንዳታትን ዘማሰና ምዕሩይ ኣወዳድባ ዘይነበራ፡ ብጽቡቕ ድልየት ናይ መሰረታታ ጥራሕ እትነብር፡ ናይ ተጋድሎ መስርሕ ዝወነነት እያ ነይራ። በዚ ይኹን በቲ፡ ድሕሪ ናይ ሰማንያታት ስዕረት ኣብ ዕሙት ምትህልላኻት ዝጸመደ ምትእኽኻባት ተፈጢሩ፡ ተራኡን ቦታኡን ዘይነጸረ ነንሓድሕድ ዝካሰሳ፣ ክእከባን ክፍንጣሐን ዘየረብርበን ሕንጭልጫላት - ናይ ዕንቅፋት ተራ እናተጻወታ ዕድመ ናይ’ዚ መላኺ ስርዓት ዘናዉሓ፡ ሃገርና ንምጉዝዛይ ዝሐልማ፡ ናይ ሃገር ኣጀንዳ ዘይብለን ፍጹም ክንጸጋ ዝግበኤን፡ ክጽገና ዘይክእላ ህዝባዊ እምነት ዝጎደለን: ጸረ-ዴሞክራስያ እየን።

ጃልባታት ናይ መድሕን ዝጠንጠነን "ዉድባት"፡ ኮይንወን ኣብቲ ናይ ቀደም ነበረያ ነበረ ታሪኽ ተኸሊለን፣ ሓድሽ ናይ ቃልሲ ጎደና ኣብ ምኽፋት ኮነ መድረኻዊ ጠለባት ኣብ ምንጻር ኣኻእሎ ዘይዉንና፡ ህዝባዊ ማዕበል ክገትኣ ናይ እስከ ሕለፍያ ሓማይን ቀንጻልን፡ ናይ ተግባራዊ ስራሓት ብኩራት ዘሳስያ፡ ናይ ታሪኽና ዕርቃን ኣብነታት እየን። ሰማይ ዝሃገረን፡ ንህዝባዉን ሃገራዉን መድረኻዊ ዕብየትና (ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ ኮነ ፖሊቲካዊ…ወዘተ)፡ ብናይ ብረታዊ ቃልስና ዘመን ዝዕቅና፡ ንሕና ኢና መንቀሊ ሰዉራ፡ ንሕና'ባ ወናኖ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ'ባ ሰዉራዊ ባይቶ'ባ እናላ ብመጸዉዒ ኣስማት ዝቆራቆሳ፡ ንስለ ድሕነት ህዝብናን ሃገርናን ክጥዕሞ ብልቦና ዘይሽምገላ ዓቓቓቕ ዝበላ ትንፋስ ዘይብለን "ዉድባት"፡ ክሳብ መዓስ እዩ። ንሃገራዊ ድሕነት፡ ብሃገራዊ ደረጃ መለክዒ ዝተሳእኖ ብኤትኒካዊ፡ ኣዉራጃዊ ኮነ ሃይማኖታዊ ስልትታት ዝሕፈስ ዓወታትን ዝዕቆብ ምዕብልናታትን የልቦን። ኣይፋል ወይ ዓገብ ንዘለ ዜጋ፡ እንታይ ክብል/ክትብል ተደልዩ እዩ እናተባህለ ክደሃልን ክቆናጸብን ዘራይ ዘይርከቦ፡ ያኢ ናይ "ተቓዉሞ" ፖሊቲካዊ ሕዛእቲ ተረኺቡለይ፡ ድዉያት ናይ ኣተሃላልዋኤን ከመይነት ዘይፈልጣ፡ ብዉሽጣዊ ፍርሂ ዝማሰና፡ ብብርሃኑ ጸሓይ ዝዓረበን፡ ሕማመን ዘይፍዉሳ ትንፋስ ዘሎወን ሬሳታት እየን።

ኣብ ኣሉታዊ ዕሩቕ ናይ ታሪኽ ሰረት ክትምስርቶ ዝሕለን ናይ ቃልሲ መኸተ ዉደባ፡ ዓቕምኻ ዘራቕቕ ናይ ዕብራንካ ሕዱር ሕማም ከም ዘይ-ምፍዋስ ባህጊ ዘረጋግጽ እዩ። ብንጹርን ዉሕሉልን ዝግምገም ሕሉፍ ተግባራት፡ መንነትካን ሃለዋትካን ብዘይ ምግናን ተለሊ'ሞ ናይ ንቕድሚት ምግስጋስ ዓቕምኻ ጥዕናዉን ሓላፍነታዉን ይኸዉን። ዝሰፍሔ መሰረትን ኩሉ ሸነኻዊ ብቕዓት ዘለዎ ዉድባዊ ቅርጻ ዘረጋገጸ መራሒ ተራ ኣብ ምጽዋት - መድሕን ሃገር ክትዉን ትበቅዕ። ሃብታም ተመክሮታት እዉን ህያዉ ኮይኑ ክቕጽልን ናብቲ ዝምልከቶ ወለዶ ብጽፉፍ ትካላዊ ሓለዋ ክሰጋገር ናይ ምስርዑ ዓቕምታት ተጥሪ። ብዘይካ'ዚ ኣገባብ ተሰጊሩ ክግበር ዝሕለን ስረሐት፡ ካብ ናይ ባህግን ድልየትን ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ምቑር ቃላት ሓሊፉ ግዜ ዘባኽን፡ ተግባር ዘይተሓወሶ ዘገምታዊ ቅህመት እዩ።

እዋናዊ ማሕበራዊ ሓበርቲ ኣመታት ዝህቡዎም ምልክታታት ብደቂቁ መሚና ኣብ ምርኣዮም ነድህብ እሞ፡ በዓል-ቤታዉን መድረኻዉን ዝምድናዊ ብስለታት ሚዛናዊ ሓድነታት እናፈጠሩ ናይ ምርሕሓቓቶም ክዉንነት እናተጻበበ ኣብ ዝኸደሉ ሁመት ተሰጋጊርና ከም ዘሎና ንዕዘብ። ኣብ ልዑላዉነት ናይ ሓንቲ ሃገር ዝዋስኡ ህዝብን ናይቲ እዋን ዘመሓድር መንግስትን፡ ዉጽኢት ዝምድናታቶም ዝሕብር ቁጠባዊ፣ ፖሊቲካዉን ማሕበራዊ ርግኣትን መለክዒ ክዉንነት ወይ ሃለዋት ናይታ ሃገር እዮም። እሞኸ ኣብቲ ባይታ ኤርትራዊ ክዉንነት ወሪድና ሃሰስ እንተበልና ከመይ ኮን ንረኽቦ?

ባህጊ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ባርዕ ቦምብታት ጸላኢ ዘየባህርሮ ብተግባር ህይወቱን ንብረቱን በጃ ነጻነት ዘበርከተ ዕሉል ጅግና ህዝቢ፣ ብንዉሓት ናይ ጸበባኡን ወላድ ከስዔ ዘበርከተቶም መንእሰያዊ ወለዶታት መቕዘፍትን ኣላሽ ከይበለ፡ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ቅያ ናይ መዓርፎኡ በጽሔ። ሃገሩ ናይ ምህናጽ ካላኣይ ገጽ፡ ዝኸበደ ስረሓት ከም ዘድልዮ መዓስ ጠፊኡዎ። እንተኾነስ ከይተሸቑረረ ሰሪሑ ዝኣትወላ ቤቱን ደቁ ዝዕንግለላ ቅጻዕ መሬትን ትህልዎ'ሞ ዓስቢ ዝኸፈሎም መስዋእትታት [ሰላምን ፍትሕን]() ከኣ ከስተማቕረን፡ ልዕሊ ኹሉ ዝጠልበን ጉዳያት ከም ዝኾና ኣቐዲሙ ዘትከለለን ዕላማኡ እየን ነይረን።

ኩሉ ነይተረኽበ። ተስፉ ዘምበረሎም ደቁ - ደቁን ገዛእቱን ኮይኖም ካብቲ ባዕዲ ዝፈጸሞ በደላት ንላዕሊ ክገብሩ ምዕዛቡ [እሕሕ]() ኣቢሉዎ እዩ። ሓዳግ ወላድ ከስዔ፡ ናይ ዉላዳ ሓበን ክኹለፋ ኣዝዩ እካ እንተመረራ፡ ደኾን ይእለ ይኸዉን እናለት ናይ ዉሸጣ ኣበር ክትክወል፡ ኣሕሊፋ'ዉን ከይትህብ ጽሮታን ልቦናኣን ክሳብ ዝጽንቀቕ ትልኽ ምባላ መኣስ ይተርፋ። ኤርትራዊ ስድራ-ቤታትን ዉሉዳትን ከኣ ነዚ እዮም ዝገበሩ። መንግስቲ ኤርትራ ግን ብባህርያቱ ብዱዕ ኮይኑ ልዕሊ ግዝኣተ-ሕጊ ቦታኡ ስለ ዝሰርዔ ንዉሽጣዊ ኮነ ግዳማዊ ሓይልታት ጸላእተይ እዮም ኢሉ ምስ ዝሰርያም፡ ሃገራዊ ኩነታት ኣብ ምንታይ ኣሎ ከይመዘነ፡ ዝኸፈል ዋጋ ብዘየገድስ ብቕጽበት ኣብ ምርጻም ክኣቱ ጸኒሑን ኣሎን። ቁጠባዊ ፖሊሲታቱ ብመንግስታዊ ገበተ ተማእኪሉ ሃገራዊ ሃብትን መሬትን ኣብ ፍጹም ዋንነቱ ተቆጻጺሩዎ ይርከብ።

ህዝቢ እንታይ ትደሊ? ቅጫን ሰላምን። ገንዘባዊ (ናቕፋ) ክብሪ ዘቕቢቡ፣ ወሃብ-ስራሕን (በስገዳድ) ነጋዳይን ንባዕሉ መንግስቲ ኮይኑ፣ ንስጥመት ማሕበራዊ ቅዲ ኣቃዉማና ፊርከሽከሽ ኣቢሉ ናብ ሚሊታራዊ ጽበት ከም ዘድህብ መጢጡ፡ ሃብታም ማሕበራዊ ክብርታትና የዳቕቕም ኣሎ። ኣብ ስልጣን ተወጢሑ ህዝባዊ ሓላፍነት ብፍጹም ዘይዓጦ ንወለዲ ኣንታ/ኣንቲ ዘንጣሊ ባህሊ፡ ንመንእሰያት ከኣ ንእስነታቶም ዘባኽን ናይ ዉግኣት ጽዉጽዋይ እናፋሕተረ ናይ ምንባር ተስፋታቶም ዘጸልምት ሰይጣናዊ ፕሮጀክት ኣብ ምትግባር ይርከብ። ምትእምማን ጠፊኡ ክብደት መንግስቲ እናፈኾሰ፡ ናይ ታሪኽ ዓመጻቶም ገንፊሉ ጸዋር ልቢ ህዝቢ ኤርትራ ቀርሒኑ፡ [ለካ ደቁ ከምቶም ባዕዳዉያን ዓመጽቲ ክብድሁ ኣለዎም'ዩ ኣብ ዝብል ዕግበት'ዩ በጺሑ]()።

ኣማዕዲኻ ምጥምማት ናይ ርኽክባትካ ርሕቀት መዓቀኒ ምልክት ከም ምኻኑ መጠን፡ መንግስቲ ኤርትራ ብእኩብ ድምር ሕጽረታቱ ኮነ ገበናቱ ካብ ህዝቢ ተነጺሉ፡ ዕዳ ናይ ተግባራቱ ኣብ ምኽፋል ወጥሪ እነሆ። ህዝቢ ልቢ ምርሓቑ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እታ መንግስቲ ንባዕላ ኣብ ዉሽጢ'ቲ ህዝቢ ስለ እትነብር ብኣሉታዊ ትዕዝብቲ ናይቲ ህዝቢ ብቐጥታ እያ ትጽሎ። ሕድሕዳዊ ዉሽጣዊ መንግስታዊ ምትእምማን ማሕሚሑ፡

መንግስታዊ ሓልዮት ይባኽን - ኣባላት መንግስቲ ብባዴላን ኣፍራዛን ንዘቖሙዋን ዝተዓንገሉላን ዓማጺት ስርዓት ኢደይ ኢድካ ኢሎም ከፍርሱዋን ሃብቲ ሃገር ክማቐሉን ክዘምቱን ይጅምሩ። ፍቕሪ ተሪፉ ጽልኢ ይዕምብብ፡ ስሰዔን ጉቦን ተባሃግቲ ባህርያት እናኾና፡ ሽፍትነት ኣብ ማእከል ከተማታት ብቐትሪ የመሓድር። ምስ'ቲ ዘይተኣደነ ዝኾመሩዎ ሰራዊት ዘይድፈሩ ዝመስሉ መራሕ መንግስትና፡ ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ብዘጻወድዎ መፈንጠራታት ኣእዳዎምን ኣእጋሮምን ተቖላሊፉ፡ ዳርጋ ናይ ገዛ እሱር ኮይኖም'ዮም ዘለዉ። ብዱዕን ቁጡዕን ስለ ዝኾኑ ኸኣ ጽሮት ድኣ ይሃቦም እምበር ናይ ጥዕና ጸገማት ከየምጻኣሎም፡ ዉሑዳት ፈተዉቶም ተሸቑሪሮም ኣለዉ።

ናዉቲ ኣካላቱ ብሕዱር ሕማማት ዝደመየ ዉልቀ-ሰብ ቃንዛኡን ልሕሉሕ ኣተሃላልዋኡን ተጻዊሩ ተወዚ ክብል እንተ ረኣኻዮ፡ ዘሎን ነባርን እዩ ዝመስለካ። እቲ ሕሙም ንባዕሉ ግን ናይ ምንባር ተስፋኡን ዕለተ-ሞቱን ግምታት ኣለዎ። ንመንግስቲ ኤርትራ ተተሓሒዞሞ ዘሎዉ ቫይረስ'ዉን፡ ተዋጊኡ ከም ዘይስዕሮም ኣብ ዓለም ምስ ዘለዉ ሰይጣናዊ ሓይልታት ተመሓዝዩ እዉን ከም ዘይገላገል ክሳብ ሎምስ ተረዲኡዎ ይኸዉን'ዩ። ዉግእን ወረ ዉግእን ከም መሕብኢ ዘይዓብጦ ሰራም ተላጋቢ ሕማም'ዩ ሒዙዎ ዘሎ። ህዝባዊ እምነት ዘጥፈኤ ስርዓት - ነበልባል ህዝባዊ ማዕበል ኩሉ ግዜ ከም ዘባህርሩዎ ዝሓለፉ ናይ ምልኪ ስርዓታት ሕርሕራይ ገይሮም ተማሂሮሙሉ እዮም።

ህዝቢ ጉዳይ ሃገሩ ባዕሉ ወናኒ ዝኾነሉ፣ ጸገማቱ ኣብ ምፍታሕ ብዝለዓለ ግደ ዘድምጸሉ ልሉይ ተራ ምእንታን ክህልዎ፣ ነዚ ባህጊ'ዚ ህያዉ ንምግባር ከኣ ንጹር ሃገራዊ ህዝባዊ ዛዕባታት ዘልዓለ መድረኻት ተኸፊቱ ናይ ክትዕን ልዝብን ገምጋማት ክግበር፡ ልዕሊ ኩሉ ግዜ ሎሚ ተሃዋሲ ኤርትራዊ ኣተሃላልዋና ግድነታዊ ይገብሮ'ዩ።

ንህዝባዊ ማዕበል ዝገትእ ሓይሊ የልቦን - ክትምእዘዞን ከተሳስዮን ጥራሕ 'ምበር!!!

ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና ! ! !